# ታሪኽ ምርካብ ነዳዲ ኣብ ኖርወይ

ኣብ 1950ታት፡ ኣብ ከባቢ ገማግም ባሕሪ ኖርወይ ኣብ ዝርከብ መዓሙቕ ባሕሪ፡ ብዝሒ ዘለዎ ነዳዲን ጋዝን ከምዝርከብ ዝግምት ዝነበረ ሰብ ብዙሕ ኣይነበረን። ኣብ 1962 ኣብ ምውጻእ ነዳዲ ዝተዋፈረ ፊሊፕስ (Philips) ዝተባህለ ትካል፡ ኣብዘን ከባቢታት ነዳዲ ይርከብ ተኾይኑ ምርምራት ክገብር ፍቓድ ሓቲቱ። ኣብ 1966 ኣቲ ናይ መጀመርያ ናይ ነዳዲ መድለዪ ዒላ ተኳዒቱ። ተኾነ ግን ካብቲ ዒላ: ማይ ጥራይ እምበር፡ ዝኾነ ነዳዲ ወይ ጋዝ ኣይወጽአን።



**Illustrasjon: Pixabay**

ኣብ 1969፡ ካብተን ትካል ፊሊፕስ ክኩዕተለን ተሰማማዓለን ዒላታት፡ ሓንቲ ዘይተኺዕተት ቦታ ተሪፋ ኔራ። ሕጂ ትካል ፊሊፕስ ዳርጋ ተስፋ ቆሪጹ ኔሩ። ኣብ ከተማ ኦስሎ ኣብ ዝርከብ ናይ ፍሊፕስ ቤት ጽሕፈት ዝሰርሑ ዝነበሩ ብዙሓት ተመራመርቲ፡ ንብረቶም ጠርኒፎም ናብ ዓዶም ክኸዱ ተነጊሩዎም።

ትካል ፊሊፕስ፡ ምስቲ ነቲ ዒላ ዝኩዕተሉ ዝነበረ ናይ ምኩዓት ክኢላታት ዘለዎ ኦሺን ቪኪንግ (Ocean Viking) ዝተባህለ ትካል፡ ሓደ ውዕል ፈሪሙ ኔሩ። ኩሉ እቲ ክኩዓት ተሓሲቡ ዘሎ ዒላ ይኩዓት ኣይኩዓት ብዘየገድስ፡ ነቲ ተሰማሙዑሉ ሙሉእ ዋጋ፡ ትካል ፊሊፕስ ክኸፍል ኔሩዎ። ነቲ ናይ መወዳእታ ዒላ ከፊሉ ከኩዕት ዝደለየ ዝኾነ ትካል እውን ኣይተረኽበን። ስለዚ ትካል ፊሊፕ ነቲ ኣብ ከባቢ ብሎክ 2/4 (Blokk 2/4) ዝርከብ ዝነበረ ናይ መጀመርያ ዒላ ክኩዕት ወሲኑ። ሓደ መዓልቲ ቅድሚ ድሮ ልደት፡ እቲ ዕዮ ተጠናቒቑ። እቶም ሰራሕተኛታት እውን ናናብ ሃገሮም ተመሊሶም። እቲ ውጽኢት ናይቲ ምኩዓት ከኣ ክግለጽ ተጀሚሩ። እወ፡ መዓሙቕ ባሕሪ ኖርወይ፡ ብዙሕ ትሕዝቶ ናይ ነዳዲ ዘለዎ ቦታ ከምዝኾነ ተፈሊጡ።

## ኣብ ሰብዓታትን ሰማንያታትን ኖርወይ ናይ ነዳዲ ሃገር ኮይና

መንግስቲ ኖርወይ፡ ኣብ ነዳዲ ዓቢ ተገዳስነት ክህሉ ከምዝግባእ ኣስተቢሂሉ ኔሩ። ስለዚ ባይቶ ኖርወይ፡ እኹል ዝኾነ ብቕዓት ዘለዎ ናይ ነዳዲ ኢንዱስትሪ ኣብ ኖርወይ ክህነጽ ከምዝግባእ ወሲኑ። ነዚ ሸቶ ንምውቃዕ፡ ኣብ 1972 ስታትኦይል (Statoil) ዝተባህለ ትካል ተመስሪቱ። ካብቲ እዋን ጀሚሩ ስታትኦይል ብፍላይ ፣ ብተወሳኺ እውን ፍርቂ ናይቲ ትካል ብመንግስቲ ዝውነን ዝነበረ ኖሽክ ሂድሮ (Norsk Hydro) ዝተባህለ ትካልን፡ ሓድሽ ምዕዳል ፍቓድ ምውጻእ ነዳዲ ክህሉ ከሎ፡ ቀንዲ ተጠመቲ ኮይኖም።

ነቲ ኣብ ከባቢ ማያት ኖርወይ ዝርከብ ጸጋታት ነዳዲን ጋዝን ዝቋጻጸር ዳይሬክቶሬት ነዳዲ ኖርወይ (Oljedirektoratet) ዝተባህለ ትካል መንግስቲ ተመስሪቱ። ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ናይ ነዳዲን ጋዝን ኢንዱስትሪ ኖርወይ፡ ብኽፍሊ ነዳዲን ጸዓትን (Olie- og energidepartementet) ፣ ዳይሬክቶሬት ነዳዲን (Oljedirektoratet) ምቁጽጻር ድሕንነት ነዳዲን (Petroleumstilsynet) ብዝተባህላ ትካላት መንግስቲ እዩ ዝምራሕ።

ክፍሊ ነዳዲን ጸዓትን ርድኢታዊ ዝኾነ ናይ ጸዓት ፖለቲካ ኣብ ምምስራት ቀንዲ ሓላፍነት ይወስድ። ዳይሬክቶሬት ነዳዲ ንኽፍሊ ነዳዲን ጸዓትን ፕሮፌሽናል ወይ ሞያዊ መምርሒ ኣብ ምሃብ ይሰርሕ። ምቁጽጻር ድሕንነት ነዳዲ ከኣ ንድሕንነታዊ መዳያትን ነቶም ኣብ ናይ ነዳዲን ጋዝን ኢንዱስትሪ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ውሑስ ዝኾነ ናይ ስራሕ ኩነታት ከምዝህሉ ናይ ምግባር ሓላፊነት ወሲዱ ይዓዪ።

## ሕቶታት መልስ

1. ኣብ 1966 ናይ ነዳዲ መድለዪ ዒላ ምስተኺዕተ እንታይ ኣጋጢሙ?

2. ኣብ መዓሙቕ ባሕሪ ኖርወይ ነዳዲ ዝርከብ እንተኾይኑ ክምርምር ፍቓድ ዝረኸበ ኣየናይ ኣብ ምውጻእ ነዳዲ ዝተዋፈረ ትካል ኔሩ?

3. ትካል ፊሊፕስን ትካል ኦሽን ቪኪንግን እንታይ ውዕል ኔርዎም?

4. ኣብ ከባቢ ብሎክ 2/4 ዒላ ምስተኺዕተ እንታይ ኣጋጢሙ?

5. ኣብ ሰብዓታትን ሰማንያታትን ኖርወይ እንታይ ዓይነት ሃገር ኮይና?

6. ኣብ 1972 ባይቶ ኖርወይ እንታይ ንነዳዲ ዝምልከት ውሳነ ወሲኑ?

7. ኣየኖት ሰለስተ መንግስታውያን ትካላት ኢዮም ንጉዳይ ነዳዲ ኖርወይ ድከታተሉ?

ምንጪ (Kilde): Eureka 10, Gyldendal Norsk Forlag As 2006